# ስግር'ቲ ጸረ ዲክታቶር ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ኣርሒቕካ ምጥማት የድሊ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
20.10.2009

መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ ናጽነተን ምጕንጻፈን፡ ስልጣን ክርከብ ዝኽእል ብቑዕ ፖለቲካዊ ውደባ ስለዘይጸንሐን፡ ኣብ ትሕቲ ቀቢላዊ ጽልዋታቶም ሓያል ዝነበሩ ወይ ድማ፡ ኣገልገልቲ ናይ'ቶም ገዛእቶም ዝነበሩ ምዕራባውያን ሃገራት ክኸውኑ ይኽእሉ'ዮም ተባሂሎም ዝተኣምነሎም ውልቀ-ምልካውያን መራሕቲ ኢየን ወዲቐን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ኣህዛብ ኣፍሪቃ፡ ኣደዳ ጭቆና፡ ድንቁርና፡ ሕማም፡ ብልሽውና፡  ውግኣትን ወተሃደራዊ ዕልዋታትን ኰይኖም፡ ፍረ ናጽነቶም ከየስተማቐሩ ንብዙሕ ዓመታት ክሳቐዩ ኢዮም ጸኒሖም። ላይበርያ፡ ሰራልዮን፡ ኡጋንዳ፡ ሩዋንዳ፡ ብሩንዲ፡ ናይጀርያ፡ ኮንጎ ...ወዘተ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ እንተኸውን ውን፡ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ብናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተቓውሞታትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተጋድሎን እናተዳኸመ ኣብ ዝመጸሉ እዋን፡ ነቲ ቃልሲ ክመርሕን ስልጣን ክጭብጥን ዝኽእል ብቑዕ ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ውደባ ስለዘይነበረ'ዩ፡ መንግስቱ ሃይለማርያም ዝዓብለሎ ወተሃደራዊ ደርግ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ክጭብጥ ዝኸኣለ።

ኣብ ሶማል ውን፡ እቲ ንዲክታቶር ዝያድ ባረ ዘውደቐ፡ ብቀቢላዊ ስርርዓት ዝቜመ ዕጡቕ ተቓውሞታት ናይ ህዝቢ ሶማል፡ ሓድነቱ ከረጋግጽ ስለዘይከኣለ'ዩ ህዝቢ ሶማል ኣብ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ዝኾነ ናይ ሕድሕድ ውግእ ተሸሚሙ ዝርከብ ዘሎ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣርብዓታት ጀሚሩ ንኣስታት ሓምሳ ዓመታት ከይተሓለለ ብዘካየዶ ሰላማውን ብረታውን ሓርነታዊ ተጋድሎኡን ዝኸፈሎ መስዋእትን፡ ሃገራዊ ሉዕላውነቱ ክጭብጥ እኳ እንተበቕዐ፤ ነቲ ድሕሪ ምርግጋጽ ልዑላውነት ሃገር ዝነበረ ሓዲሽ መድረኽ ንምግጣም ዘኽእሎ ብቑዕ ፖለቲካውን ማሕበራውን ውደባ ስለዘይጸንሖ ኢዩ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ኢድ'ቲ ሓደ ውልቀ-ሰብ ዝዓብለሎ ዲክታቶርያዊ ወተሃደራዊ ጕጅለ ህግደፍ ክወድቕ ዝኸኣለ። ብሰንኪ'ዚ ጕጅለ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፈጸሞ ጭቆናን ግፍዕን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ከኣ፡ ህዝብና ኣደዳ ድኽነት፡ ድንቁርና፡ ሕማም፡ ውግእ፡ ስደትን ምብትታንን ኰይኑ ኣሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈን ዘሎናዮን ክፍለ-ዘመን ዓውዲ ውግእ ኰይና ስለዝጸንሐትን ዘላን፡ ዘይተኣደነ ኣጽዋር ውግእን ንውግእ ዝተመልመለ ዜጋን ዝርከባ፡ ምኻና ክዝንጋዕ ኣይግብኦን ኢዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ተኣፋፊ ኵነታት፡ ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ህዝቢ ኤርትራ መረረን ተቓውሞን ዝመርሕን ዝውጅህን፡ ውድቡን ሓያልን ዲሞክራስያዊ ሓይሊ እንተዘይተረኺቡ፡ እቲ ዝስዕብ መደረኽ፡ ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣብነታት፡ ንዘይተፈልጠ ሓደጋታት ናይ ዕልዋታትን ውግእ ሕድሕድን ክቃላዕ ይኽእል ኢዩ።

ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ ኢዩ ውን፡ ሓያልን ስጡምን ናይ ተቓወምቲ ውድባት ጽላል ወይ ኪዳን ክህሉ ኣለዎ ኢልና እንኣምንን ንምርግጋጹ ከይተሓለልና ክንጽዕትን እንርከብ ዘሎና። እቲ ከም ናይ ኪዳን ሰነድ ኰይኑ፡ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንምይይጥ ክቐርብ ኣዳሊናዮ ዘሎና ንድፊ "ውጥን መሰጋገሪ መድረኽ" ድማ፡ ጭቡጥ ምስክርነትን መግለጽን ናይ'ቲ ኣብ ሓድነት ዘሎና ሓያል ድሌት ኢዩ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ--ጋሽ ሰቲት፡  ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ተጸናቢሮም ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘለዎ ትርንዕ ዝበለ ሰልፊ ንምምስራት ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይተኣደነ ጻዕርታት ውን፡ ዋላ'ኳ ገለገለ ካብ ጸቢብ ሕሳባትን

ግዜኡ ዝሓለፈ ህልኻትን ተበጊሶም ዘይትርጉሙ ክህብዎ እንተፈተኑ፣ ካብ'ቲ ኣብ ሓድነት ናይ ህዝብናን ሓድነት ተቓወምቲ ውድባቱን ዘሎና ሓያል ድሌትን ጽምእን፣ ካብ'ቲ ተመኲሮ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ከይንደግም ዘሎና ኣርሒቑ ዝጥምት ራእይን ዝነቅል ምኽኑ ንምርዳእ ኣጸጋሚ ኣይኮነን።

ስለ'ዚ ኢና ውን፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ሓደ ናይ ሓባር ጽላል ወይ ግንባር መስሪቶም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢኦም ተሓባቢሮምን ተዋሂሂዶምን ክቃለሱ፣ ተመሳሳሊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ድማ ክጸናበሩ ክንጽውዕ ዝጸናሕናን ዘሎናን። እዚ ራእይ'ዚ፡ ኣብ ህዝብን ተቓወምቲ ውድባትን ተቐባልነቱ እናሰፍሐ ይኸይድ ከምዘሎ ድማ ብሩህ ኢዩ ዘሎ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ዝካየድ ዘሎ ናይ ምጽንባር መስርሕ ዘለዎ ደጋፊ መርገጽ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ፍራንክፈርት እተኻየደ ሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009 ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ብዘየማትእ ኣገባብ ብወግዒ ገሊጽዎ ኢዩ። ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝኾና ውድባትን ሰልፍታትን ውን፡ ብወግዒ ነዚ ራእይ'ዚ ክጻረሩ ተሰሚዐን ኣይፈልጣን ኢየን።  ኣቦ መንበር እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ፡ ሓው ሓሰን ሳልማን፡ ኣብ 14 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ዝገበሮ ናይ ፓልቶልክ መግለጺ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ምጽንባር ደገፉ ብንጹር ቃላት ደገፉ ምግላጹ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል ኢዩ። እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ ውን፡ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ክጸናበር ቅሩብ ምኽኑን፣ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ካልእ ኪዳን ምፍጣር ግን ድሌት ከምዘይብሉን ኣረጋጊጹ ኢዩ። ህዝብና እንተኾነ ውን፡ ኣብ ኵሉ ታሪኻዊ መድረኻት፡ ምስ ሓድነት ደኣ'ምበር ኣንጻር ሓድነት ኰይኑ ኣይፈልጥን ኢዩ። ንሓድነትን መስርሕ ምጽንባርን ናይ ተቓወምቲ ውድባት ዝጻረር፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሓድነት ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ረብሓ ዘይብሉ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፡ ካብኡ ዝፍለ ኣርኣእያ ዘይብሎም ብጽበት ዝተላዕጠጡ ሸነኻትን እንተዘይኰይኖም፡ ካልእ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ።

ብዘይ ሓድነት፡ ዝወድቐ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ዝህነጽ ዲሞክራስያዊ ሃገር፡ ዝረጋግጽ ልዑላውነትን ልምዓትን ፈጺሙ ክህሉ ስለዘይክእል፡ ክንዮ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስን፡ ክንዮ'ቲ ንዓዲ ዘየእቱ ጸቢብ ሓሳባትን ምትህልላኻትን ኣርሒቕና ክንጥምትን ክንሓስብን ኢዩ ዝግብኣና። ነዚ ህልዊ መንግስቲ ብምቕያር ጥራሕ፡ ኵሉ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሽግራት ሃገርና ክፍታሕ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ስለዝኾነ፣ ንሃገርና፡ ካብ'ዚ ተሸሚማቶ ዘላ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ንምድሓን፡ ብዘይካ ሓያል ህዝባዊ ፖለቲካዊ ውደባን፡ ፍቱን ብዝሐ-ሰልፋውን ኣሳታፍን ዲሞክራስያውን ስርዓት ካልእ ኣማራጺ የብልናን።